# Global Storybooks

globalstorybooks.net

ንጕማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት

Basilio Gimo, David Ker
Carol Liddiment
Daniel Berhane Habte

This work is licensed under a Creative Commons Attribution 3.0 International License.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0

# ንጕማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት

Basilio Gimo, David Ker
Carol Liddiment
Daniel Berhane Habte
2
ትግርኛ ti

ሓደ መዓልቲ፡ ማንቲለ በቲ ገምገም ፈለግ ይዛውን ነበረ።

ጕማረ’ውን ኣብኡ ነበረት፡ ትዛወርን ገለ ልሙዕ ሳዕሪ ትበልዕን።

ጕማረ ነቲ ማንቲለ ኣብኡ ከምዝነበረ ኣይርኣየቶን'ሞ ብወዝቢ ኣብ እግሪ ማንቲለ ረገጸት። ማንቲለ ነታ ጕማረ እናወጨጨ፡ “ኣቲ ጕማረ! ኣብ እግረይ ረጊጽኪ ከምዘለኺ ክትርእዪ ኣይትኽእልን?” ክብላ ጀመረ።



ናይ ጕማሪ ጸጕራ ብምንዳዱ ማንቲለ ተሓኈሰ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ካብ ሓዊ ብምፍራሕ፡ ጕማረ ብፍጹም ካብ ማይ ኣርሒቓ ኣይትኸይድን እያ።

ጕማረ እናኣእወየት ናብቲ ማይ ክትጕዪ ጀመረት። ኩሉ ጸጕራ በቲ ሓዊ ሓሪሩ እዩ። ጕማረ ብኽያታ ቀጸለት፡ “ጸጕረይ ብሓዊ ነዲዱ! ኩሉ ጸጕረይ ረጊፉ! እዚ ጽቡቕ ጸጕረይ!”



ጕማረ ንማንቲለ ከምዚ ኢላ ይቕሬታ ሓተተቶ፡ “ኣይትሓዘለይ። ኣይርኣኹኻን። በጃኻ ይቕሬታ ግበረለይ!” ማንቲለ ግና ክሰምዕ ኣይከኣለን ንጕማረ ድማ፡ “ደይመደይ ኢልኪ ዝገበርክዮ እዩ! ሓደ መዓልቲ፡ ክትርእዪ ኢኺ! ዕዳኺ ክትፍደዪ ኢኺ!” ክብል ኣንጸርጸረላ።

ማንቲለ ንሓዊ ክረኽቦ ከደ፡ ከምዚ ድማ በሎ፡ “ኪድ’ሞ፡ ጕማረ ሳዕሪ ኽትበልዕ ካብቲ ማይ ምስወጸት ኣንድዳ። ረጊጸትኒ እያ!” ሓዊ ድማ፡ “ጸገም የለን፡ ማንቲለ ዓርከይ። ልክዕ ከም ዝሓተትካኒ ክገብር እየ።” ኢሉ መለሰሉ።



ዳሕራይ፡ ጕማረ ካብቲ ፈለግ ርሒቓ ሳዕሪ እናበልዐት ከላ፡ “ሸው!” ሓዊ ተባሪዑ ሃልሃል በለ። እቲ ሃልሃልታ ነቲ ናይ ጕማረ ጸጕሪ ከንድዶ ጀመረ።